

በስም አብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ አሐዱ አምላክ አሜን!!!

ሓበሬታ፣- ደጊሙ ዘረኽበና እግዚአብሔር ዝተመስገነ ይኹን። እዚ ታሪክ ናይ አቡነ ፊሊጶስ ዘደብረ ቢዘን ብማዕዶ መራኸቢ ብዙሓት ዝወጸ ኮይኑ ምትዕርራይ ናይ ውሑዳት ዝተረሰዑ ቃላትን ዲዛይን ናይ'ዚ ኣብ ላዕሊ ዘሎ ስእልን እንተዘይ ኮይኑ ወላሓንቲ ኣይቀየርኩሉን። ካልእ ኣብ ማዕዶት ብክፋላት ኢዩ ወጺኡ ኔሩ ኣነ ግን እቲ ክፋላት ኣብ ሓደ ጌረ ብመልክዕ PDF'ን ኣብኡ ከሎ ብቃላትን ኣቅሪበዮ ኣለኹ።

ንዝበርከትዎ ሰናይ ጽሑፍ ንማዕዶት እንዳ ኣመስገንኩ ታሪካ ዝጸሓፈ፣ ዘጽሓፈ፣ ዘንበበ፣ ብእዝነ ልቦና ጽን ኢሉ ዝሰመዐ በረክት ክህቦ ኢዩ ዝብለ ቅዱስ እግዚአብሔር ጸጋን በረኽትን ናይ አቡነ ፍሊጶስ ይኽፈለና።

ሰናይ ንባብ!!!

መእተዊ

“በመኑ ንመስሎ ወምስለ መኑ ናስተዛውጎ”

ኣብ ልዕሊ እቲ ዝፈጸምዎ ብርቱዕ ገድሊ፤ ዝመሥረትዎ ገዳም ብዘለዎ ኣገዳስን ተጠማትን ታሪኻዊን መልክዓ ምድራዊ ኣቐማምጣን ኣብ ሃገርናን ጐረባብትናን ጥራይ ዘይኮነስ ኣብ ዞባ ምብራቕ ኣፍሪቃ ብዝግደሱ ጸሓፍቲ ታሪኽ ዓለም’ውን ከይተርፈ ብፍሉይ ዝጥቐሱ ቅዱስ ኣቦ እዮም። ኣብኩሉ ሕዝብና ብፍላይ ከኣ ንሶም ብሓዋርያዊ ተጋድሎ ኣብ ዝየዱሉ ደቡባዊን ማእከላዊን ምብራቓዊን ክፋል ሃገርናን፤ ሎሚ’ውን ክብረ በዓሎም ንምስታፍ ከም ውሑጅ ብዝውሕዝ ንእሽቶይ ይኹን ዓቢይ“ፊልቆስ ኣቦይ” እናተባህሉ “ዝመሓለሎም” ልቢ ሕዝቢ ዝሰፈሮም ንኡድን ክቡርን ኣቦ እዮም፡- አቡነ ፊልጶስ አንዳዴ ባሕር!

ኣብ መጀመርታ ፲0 ክፍለ ዘመን ዝተንሥኡ እዞም ሕያውነትን ትዕግሥትን፤ ጽሞናን ንጽሕናን፤ ፍቕርን ጥብዓትን፤ ገድልን ጽንዓትን ዝመለለዪኦም ኣቦ፤ ኣብ ማእከላይ ዘመን ታሪኽ ሃገርና ብዙኅ ኣገዳሲ ሐዋርያዊ ሥራሓት ዝፈጸሙን፤ ኣሰር ቅዱሳን ዝኾልዑን፤ ንካልኦት ብዙኃን ቅዱሳን መገዲ ዝጸረጉ ብርሃን ኤርትራ እዮም። ንሕገ ሃይማኖትን ንቃለ እግዚኣብሔር ዘይኮነስ፤ ፍቓድ ነገሥታት ጥራይ እናመልኡ ንዝነበሩ መራሕቲ ጳጳሳት ግብጺ (ኣብ ኢትዮጲያ) ዓበይቲ ተኣምራት ብምፍጻም፤ ቅኑዕ ንዘይኮነ ትምህርቶምን ኣካይድኦምን ዘግሃዱ፤ ብትምህርቶምን ብተኣምራቶምን ነቶም ንፈልጥ ኢና ዝብሉ ዘኅፈሩን፤ ነታ ርትዕት ሃይማኖት ኣቦታት ብተጋድሎኦም ዘጽንዑን ኣቦ እዮም ነይሮም። ልዕልና ሥልጣንን ኃይሊ ዓለምን ብዘየገድስ፤ ሎሚ ዓለም ንዝተሸገረትሉ ኣብ ሞንጎ ክርስቲያናትን ኣመንቲ ምስልምናን ተኸባቢርካን ተሳኒኻን ናይ ምንባር ክህሎት፤ ኣብነታዊ ኪዳን ዝፈጸሙ፤ ምድርን ባሕርን ኣሰማሚያም፤ ሕውነት ዘደልደሉ፤ በቲዝፈጸምዎ ተጋድሎን ዝነበሮም ግርማ ሞገስን ከኣ ሓወልቲ ስምዕ ኣብ ሃገርና ዘንበሩ እዮም። ኣብ ዝመሥረትዎ ገዳም ዝፈረዩ ደቆም’ውን ካብ ሃገርና ኃሊፎም ኣብ ጐራባብትና ጨናፍሮም ዝተዘርገሑን፤ ፍሬኦምን ሓዋርያዊ ተልእኾምን ብዝግባእ ዝፍለጥ ጉንዲ ምንኩስና እዮም።

ስለቲ ዝፈጸምዎ መግለጺ ዘይርከቦ ድንቂ መንፈሳዊ ተጋድሎኦምን ተኣምራቶምን፤ እቲ መጽሓፈ ገድሎም’ውንነዞም ቅዱስን ክቡርን ኣቦ “በመኑ ንመስሎ ወምስለ መኑ ናስተዛውጎ” (ብመን ክንምስሎ፤ ምስ መን’ከከነመሳራርዮ) እናበለ ክውድሶም ይነብር። እወ! እዞም ቅዱስ ኣቦ ምስቶም ዝቐደሙ ቅዱሳን ኣበውሁ ዘመሳስልን ዘዛምድን ብዙኅ ድንቂ ነገራት ገይሮምን፤ ተገይርሎምን እዩ። ስለዚ እዩ ድማ እቲ ገድሎም “መሥዋዕቱ ብዝሠመረሉ ብኣቤል ድዩ፤ ወይሲ መመላለሲ ብርሃናት ብዝረኣየ ብሄኖክ ክንምስሎ፤ እግዚኣብሔር ካብ ዘውረዶ መዓት ብዝደኃነ ብኖኅ’ዶ ክንምስሎ፤ ወይሲ ምእንቲ ክህነቱ ዕሸር ብዝተቐበለ ብመልከጼዴቅ ክንምስሎ፤ ….” እናበለ ምስቶም ዝቐደሙ ኣበውሁ (ብሉይን ሓዲስን) እናነጻጸረ ዝገልጾም። ነፍስ ወከፍ ምሳሌያት ምስ እንምርምሮ ከኣ፤ እቲ ናቶም ቅድስናን መንፈሳዊ ግብርን ዓቢይን ፍሉይ ምኺኑ ከነስተውዕል ንኽእል ኢና።

እዞም ክቡርን ቅዱስን ኣቦና፤ ፶፪/42 ዓመት ቅድሚ ናብ ገዳም ምእታዎም፤ ፶፪/42 ዓመት ከኣ ገዳም ድኅሪ ምእታዎም፤ ኣብ’ዛ ምድሪ’ዚኣ ነይሮም እዮም። አማን በአማን ብበረከቶምን ረድኤቶምን ኣብ ልቢን ሕይወትን ምእመናን ሃገርና ፍሉይ ስፍራ ዘለዎም እዞም ቅዱስ ኣቦ እዚኦም፤ ታሪኾምን ገድሎምን ምፍላጥን ምንባብን ዝግባእ እዩ እሞ፤ ንበረኽት ክኾነና ንሎሚ “ንባሕሪ ብጭልፋ” ከምዝብሃል፤ ንዜና ሕይወቶም ካብቲ ሰፊሕ ገድሎም ቀዲሕና ናባኹም ነቕርቦ ኣሎና እሞ፤ በረኽቶምን ረድኤቶምን ምስ ኵልና ሕዝበ ክርስቲያን ይኹን እናበልና ንምጎፀን።

ትውልድን ጥምቀትን:

“ወይሁበኪ ወልደ ቅዱሰ ወቡሩከ ልዑለ ወክቡረ ወይከውን አበ ብዙኃን”

ሕፃን ፊልጶስ ካብ ኣቦኡ ይርድኣን እግዚእ፤ ካብ ኣዴኡ መግደላዊት ኣብ ኣንከረ ባሩካ ከባቢ ኣክሱም (ኢትዮጲያ) ተወልደ። ገለ ጸሓፍቲ ታሪኽ ኣብ ፲፪፻፺፯ ዓ.ም. (1297) ከም ዝተወልዱ ይጽሓፉ ደኣ እምበር፤ ኣብቲ ገዳም ጥራይ ዝርከብ ሓሳበ ቢዘን ዝገልጽ መጽሓፈ ሕርግርግ፤ አቡነ ፊልጶስ ብሓሳበ ቢዘን ጥቅምቲ ፲፮፻፭ ዓ.ም. (ማለት ብግእዝ ብ፲፫፻፱ ዓ.ም.) ኣብ መበል ፲፭ ዓመት ዘመነ ንግሥነት ዓምደ ጽዮን (ወዱ ንውድም ኣርዕድ) ከም ዝተወልዱ ይገልጽ። ኣቦኦም ኃያልን ብርቱዕን ዓቀይታይ ከም ዝነበረን ሓኔታይ ዘብሎ ከኣ ሓደ ኣንበሳ ቀቲሉ ከም ዝነበረ ይፍለጥ። ብኣንጻሩ ኣዴኦም ካብ ብሩኻት ስድራ ዝተረኽበት፤ ጾምን ጸሎትን ስግደትን እተዘውትር፤ ምስ ሰብኣያ ኮይና ምጽዋት እትፈቱ፤ ኣጋይሽ እትቕበል ቅድስቲ፤ ካብ ሕጻንነታ ኣትሒዛ ካብ ካህነ እግዚኣብሔርመጽሓፍ ቅዱስ (ብሉያትን ሓዲሳትን) ምስ ትርጓሜኡ ዝተማህረት ነበረት። ነቲ ዝተማህረቶ’ውን ብግብሪ እትፍጽም፤ ነቶም ዘይተማህራ ኣንስትን ዘይተማህሩ ሰብኡትን ከኣ ተጊሃ እትምህር ከም ዝነበረት እቲ መጽሓፍ ገድሊ የረድእ። ከም ሓና ኣደ ሳሙኤል ውላድ ስለ ዘይነበራ ድማ ኣብዚኃ ጸሎታ ክሰምዕ፤ ሓሳባ ከሥምረላ ናብ እግዚኣብሔር ኣምላኽ ብእምነት ትልምን ነበረት። “እቲ ለሚንካዮ ዘይከልእ፤ ጸዊዕካዮ ዘየጽመም” እግዚኣብሔር ኣምላኽ ንመልኣኹ ቅዱስ ገብርኤል ልኢኹ ከም እትወልድ ኣበሠራ።

ኣብ መዓልቱ ከኣ መልኣኽ ዝመስል ምልኩዕ ወዲ ወለዳ። እተን መሕረስቲ'ውን ብመልክዕ እቲ ዝተወልደ ቆልዓ ከም ዝተገረማን፤ እቶም ዓዲ'ውን ብዘደንቕ ልደት እዚ ሕፃን'ዚ ፍርሃት ስለ ዝሓደሮም፤ ኣብቲ ዝተወልደሉ ተኣኪቦም ናብ እግዚኣብሔር ጸሎትን ፵፭ን እግዚኦታን ከም ዘብጽሑ ገድሎም ይገልጽ። ኣብ ልዕሊ እዚ ሕፃንን ዝተመደበ ግብሪ እግዚኣብሔር ንኽርእዩ ድማ ተሓንጠዩ። ከም ቅዱስ ዮሐንስ መጥምቀ መለኮት ክውለድ ከሎ እቶም ጐረባብቱን ኣዝማዱን ተደኒቕም "እዚ ሕጻን እዝስ እንታይ ኰን ኪኸውን እዩ? ኢሎም ኣብ ልቦም ሓዝዎ።" ዝብለና እቶም ከባብን ዓድን ከኣ ብዛዕባ እቲ ዝተወልደ ፊልጶስ ተመሳሳሊ ቃላት ኣውሲኦም ነይሮም። (ሉቃ፩፥፷፮/1፥66)

ብቅዱስ ገብርኤል እናተሓለወ ድማ፤ እቲ ሕፃን ክጥምቕ ናብ ቤተ ክርስቲያን ኣብ መበል ፵ መዓልቱ ኣብ ዝተወስደሉ፤ መግደላዊት ኣዲኡ ነቶም ካህናት "ከምቲ ሓና ንወዳ ሳሙኤል ብመሠረት መብጽዓኣ ንእግዚኣብሔር ዝሃበቶ፤ ኣነ ድማ ከም'ቲ መብጽዓይ ንእግዚኣብሔር ሂበዮ ኣሉኹ" በለቶም። እቶም ዘጠምቕዎ ካህናት ድማ ፲፫ ጎዳር ፊልጶስ ሐዋርያ ዝዝከረሉ ዕለቱ ምኺኑ ኣስተውዒሎም፤ ብስም እቲ ቅዱስ ሐዋርያ"ፊልጶስ" ሰመይዎ። ኣብ ልዕሊኡ ንዘሎ ጸጋ ርእዮም ከኣ ፈተዉዎ። ኣቦኡ ፊልጶስ ከይተወልደ ከሎ ኣቐዲሙ ሞይቱ ስለዝነበረ ከኣ፤ ኣዲኡ መግደላዊት ድኅሪ ጥምቀት ወዳ፤ ነዚ ዓለም መኒና፤ ንወዳ ባሪኻን ስዒማን መንኰሰት።

ትንቢት:-

"ወይቤሎ አንሰ አነክር በእንተ ሕፃን ዘይትወለድ በውስተ ዛቲ ሀገር ዘይከውን መርኃ ለብዙኃን ወአበለጉቡአን"

አቡነ ፊሊጶስ ብብስራት ቅዱስ መልኣኽ ምውላዶም ጥራይ ዘይኮነስ፤ ብዛዕባ እቲ ዳኅራይ ምስ ዓበዩ ዝፈጽምዎ ገድልን ልዕልናኦምን ብቅዱሳን ሰባት ይኹን ብቅዱሳን መላእኽቲ ዝተመስከረሉን፤ ትንቢት ዝተነግረሉን እዩ። ቅዱስ ገብርኤል ወዲ ከም እትወልድ ንመግደላዊት ከብሥራ ከሎ፤ እቲ ዝውለድ ሕፃን "ብትምህርቱ ብዙኅ ሕዝቢ ዘድኅን፤ ንብዙኃት'ውን ኣቦ ዚኸውን ክቡርን ልዑልን ውላድ ኪህበኪ፤ ደቁ'ውን ብዙኅ ኣህጉር ዝወርሱን፤ ብወገን ምብራቕ ከም ከዋኽብቲ ዘብርሁ ኪኾኑ እዮም" ብምባል ነጊርዋ ነይሩ።

አቡነ ኤዎስጣቴዎስ'ውን፤ ኣቡነ ፊልጶስ ቅድሚ ምውላዶም፤ በቲ መግደላዊት ዘለቶ ዓዲ እናሓለፉ ከለዉ ብሓጐስክምስ እናበሉን፤ ብኣድናቐት ኣፎም ብኢዶም እናኸደኑን ነቶም ምስኦም ዝነበሩ ደቀ መዛሙርቶም "ኣብዚ ዓዲ'ዚ ንብዙኃት ጉባኤ ኣበውኩ፤ መራሒ ዝኸውን ክውለድ እዩ" ብምባል ብመንፈስ ቅዱስ ንዝተገልጸሎም ነገር ኣቐዲሞም ተዛሪቦም ነይሮም። እቶም ንሕጻን ፊልጶስ ዘጥመቕዎ ካህናት'ውን ዓበይትን እግዚኣብሔር ዝገለጸሎምን ብምንባሮም፤ እቲ ኣብ ልዕሊ ዝተጠምቀ ሕፃን ዝዓሰለ ጸጋ ዓቢይ ምኺኑ ርእዮም፤ እዚ ወዲ'ዚ "ጸጋ እግዚኣብሔር ዝኃደሮ እዩ፤ ንብዙኃት ሰባት ኣቦ ኪኸውን እዩ፤ ዝንኡ ኣብ ኵሉ ክስማዕ እዩ" ብምባል ተነበዩሎም።

ማር ፊልጶስ ካብ ኣዴኦም ተፈልዮም፤ ናብ ገዳም ኣብ ዝቕንዕሉ ዝነበረ እዋን ክሕልዎም ዝተላእከ ቅዱስ ገብርኤል ተገሊጹ ዝበሎም ቃል ነዚ ቅድሚኡ ዝተነግረ ትንቢት ደጊሙ ዘድንዕ ነበረ። እቲ ቅዱስ መልኣኽ ክግለጽ ከሎ፡- እቲ ሒዝዎ ዝነበረ መስቀል ብዝተፈላለዩ ሕብርታት ዘለዎም ዕምባታት ዘጌጸ እዩ ነይሩ። ንፊልጶስ ከኣ "ከም'ቲ እትርእዮ ዘሎኻ ዝተፈላለዩ ዝሕብሮም ዕምባታት፤ አበ ብዙኃን ክትብሃል ኢኻ" በሎም። ብድኅሪኡ'ውን ባዕሉ መድኃኔ ዓለም ክርስቶስ ተገሊጹ ኵሉ ምሥጢራት መጻሕፍቲ ድኅሪ ምግላጽ "ብተግባራተ ጽድቂ ክብ ክትብል ኢኻ፤ ኣብ ቅድሚ ሰማያዊ ኣቦይ'ውን ዝኸበርካ ክትኸውን ኢኻ" ኢሉ ብሕያው ቃሉ ተዛረቦም። ድኅሪ ምንኵስና'ውን ኣብ'ቲ ዓበይቲ ተጋድሎ ዝፍጽሙሉ ዝነበሩ ቦታ ተገሊጹ "አበ ብዙኃን ክትኸውንኢኻ" ኢልዎም ነበረ።

ኣተዓባብያን ምንኵስናን:-

"ሊተሰ አቡየኒ ወእምየኒ እግዚአብሔር ውእቱ"

መግደላዊት ድኅሪ ምምንኳሳ፤ ምህርቲ ብምንባራ ንእንኮ ሕጻን ወዳ ፊልጶስ መገዲ እግዚኣብሔር ከጽንዕ ብዝግባእ እናመሃረት ኣዕበየቶ። ቍርብ ልቢ ምስ ደረበ ከኣ እቲ ዝግባእ ትምህርቲ ምንኵስና ክስዕብን ክፍጽምን ምስ ለበዋ ናብ ገዳም ክትሰዶ ብምውሳን ብዙኅ ናይ ምዕዶ ቃላት ተዛረበቶ። ሕፃን ፊልጶስ'ውን ለበዋ ኣዲኡ ሰሚዑ ብዛዕብኡ ብዙኅ ክትስከፍ ከም ዘይብላ ብምግላጽ ደጊም "ሊተሰ አቡየኒ ወእምየኒ እግዚኣብሔር ውእቱ" (ደጊም ንዓይሲ ኣቦይን ኣደይን እግዚኣብሔር እዩ) ብምባል ጽኑዕ ናይ እምነት ቃሉ ሂብዋ። ንሕፃናት ለባማትን ጥበበኛታትን ዝገብር እግዚኣብሔር ከኣ ምስኡ ከምዝኾነ ብምንጋር፤ ኣዝዩ ባህ ብዝብል ቃል ብዛዕባኡ ክሳብ እትግረም ንኣዲኡ ኣጽናንዓ። ብኸምኡ ከኣ ኣደን ወደን ተፈላለዩ። ሕፃን ፊልጶስ ድማ ንድኅሪት ግልጽ ከይበለ፤ ጸሎቱ እናብጽሐ፤ እግዚኣብሔር ብርሃኑ ክኸውን፤ መገዱ ድማ ክመርሖ እናተማኅፀነ ናብ ገዳም መገዱ ቀጸለ። ኣብ መገዲ ከሎ ድማ ቅዱስ ገብርኤል ተገሊጹ ባረኾ። ብድኅሪኡ ከኣ መድኃኔ ዓለም ክርስቶስ ተገሊጹ ንኹሉ ምሥጢር መጻሕፍቲ ገለጸሉ። ደብረ ጸራቢ ናብ ዝተባህለ ገዳም ክኸይድ እሞ፤ ረድእን ደቂ መዝሙርን አቡነ ኤዎስጣቴዎስ ምስ ዝነበሩ በኪሞስ ዝብሃሉ ዓቢ መነኮስ ክራኾብን፤ ካብ ኢዶም ከኣ ክምንኵስን፤ ኣስኬማ ክደፍእን ተነግሮ።

ፊልጶስ ገና ካብ ሕጻንነቱ ጀሚሩ መንፈስ እግዚአብሔር ዝተመልአ ብምንባሩ ስርሑ ዘበለ ከምቶም ዝቐደሙ ቅዱሳን ኣበው ብመንክራት ዝደመቐ እዩ ነይሩ። ከምቲ ዝተነግሮ ከኣ ኣብ መበል ፲፪ ዓመት ዕድሚኡ፤ ብኢድ አቡነ በኪሞስ ኣብ ደብረ ጸራቢ መንኮሰ። ስም ምንኩስናኡ ከኣ ከምቲ ክጥምቕ ከሎ ዝተዋህቦ ከይተቐየረ ፊልጶስ ተባህለ። ካብ ኢድ አቡነ በኪሞስ ስለ ዝመንኮሰ ከኣ ሓረገ ትውልዱ ካብ አቡነ ኤዎስጣቴዎስ እዩ። አቡነ እንጦንስ - አቡነ መቃርስ - አቡነ ጳኩሚስ - አቡነ ሊባኖስ - አቡነ ዖፅ (ብእሴ ሰላም) - አቡነ አድኃኒ - አቡነ ጸላድዮን - አቡነ ቅቡዕ እግዚእ - ሐዋርያ አትናቴዎስ - አቡነ ይስሓቅ - አቡነ ዕብነ ሰንበልት - አቡነ ዳንኤል - አቡነ ኤዎስጣቴዎስ - አቡነ ባኪሞስ - አቡነ ፊልጶስ ዝብል ሓረገ ትውልዲ ምንኩስና ሒዙ ይርከብ። እምበኣር ማር ፊልጶስ ኣብቲ ገዳም ካብ ዝኣተዉሉን፤ ብዝያዳ ከኣ ኣልባሰ ምንኩስና ድኅሪ ምልባሶምን፤ ኣክሊለ ኣስኬማ ቅድስት ድኅሪ ምድፍኦምን ኣብዚ ደብሪ ንዘለዉ መነኮሳት ብትግሃት እናገልገሉ ብጾምን ጸሎትን ተጸሚዶም ይነብሩ ነበሩ።

ፋድል

“ይሰመይ ስምከ ፋድለ”

እዚ ስም’ዚ ንቅዱስ አቦና፤ ብእግዚአብሔር ኣምላኽ ዝተዋህቦም ፍልይ ዝበለን፤ ህያብ እግዚአብሔር ዘመልክትን ስም እዩ። ሕፃን ፊልጶስ ጌና ናብ ገዳም ቅድሚ ምእታዎም፤ ቅዱስ ገብርኤል ተገሊጹ ትንቢቱ ድኅሪ ምንጋሩ፤ መድኃኔ ዓለም ክርስቶስ ብዓቢን ዘፍርህን ግርማ ተገሊጹሎም ነበረ። ኣእምሮን ልቢ ዘስፍሕ ትምህርትን ከም ዝገልጸሎም ከኣ ኣበሲርዎም ነይሩ። “ብብልሓትካ ብዙኃት ምእንቲ ኪዛረቡ ኣብ ሰማይን ምድርን ዘሎ ምሥጢር ገሊጸልካ ኣሎኹ።” ብምባል ከኣ ተዛረቦም። ኣስዒቡ ድማ ፫ወ፭ዱ ቅዱሳት መጻሕፍቲ ምስ ትርጓሜታቶም ገሊጹሎም ነበረ፤ ከም ሓዋርያት’ውን ኃይሊ መንፈስ ስለ ዝተቐበሉ ብኻልእ ልሳናት (ቋንቋታት) ክዛረቡ ጀሚሮም።

እምበኣር ኣብ መምህር ቀሪቦም ፊደልን መጻሕፍትን ከይተማህሩ፤ እግዚአብሔር ባዕሉ ስለ ዝገለጸሎም ካብ ፈደለ ዝብል ሥርወ ግሢ ፋድል ተባህሉ። ባዕሉ መንፈስ ቅዱስ’ውን “ይሰመይ ስምከ ፋድለ፤ በእንተ ዘኢተምህርከ ፈደለ ጥሀያተ ፊደል ኀበ መምህር አላ አነ ከሠትኩ ለከ” (ከምኡ ድማ ንፊደል ናብ መምህር ከይከድካ ባዕለይ ስለ ዝገለጽኩልካ ስምካ ፋድል ይኹን) ድማ በሎም ይብል እቲ ገድሎም። ስለዚ ኽኣ ክሳዕ ሎሚ ደቂቀ ማኅበር ዘገዳም ደብረ ቢዘን ካብ ዝዓበየ ክሳብ ዝነኣሰ ነነፍሶም “ወዲ ፋድል” እናበሉ ክጽውዑ ዝስማዓሉ ጊዜ ኣሎ። ብቀረባ እንዝክሮም ቀዳማይ ፓትርያርክ አቡነ ፊልጶስ፤ ነንዊሕ ዓመታት ብኣበመኔትነት (መምህር ተወልደብርሃን) ነዚ ክቡር ገዳም’ዚ ዘገልገሉ ወዲ ገዳም ብምንባሮም ኣብ ገለ እዋን ብርተዐ ኣብ እተሓወሶ ዘረባኦም “ኣነ ወዲ ፋድል!” ክብሉ ይስምዑ ምንባሮም ነዚ ኣበሃህለ ርቱዕ ምስክር ክኾነና ይኽእል።

<u>ተጋድሎ</u> ምንኩስና:-

“ጽድቅሰ ኢትትረከብ ዘእንበለ በዕፁብ ግብር”

ቅዱስ አቦና ድኅሪ ምምንኲሶም፤ ነቲ ገዳም ብዝግባእ እናገልገሉ፤ አበው ኣረጋውያን እናተራድኡ፤ ብጾምን ጸሎትን ስግደትን ብዘይ ዕረፍቲ መዓልትን ለይትን ይጋደሉ ነበሩ። ሥጋኦም ፈጺሙ ክሳብ ዝደኽም ከኣ ብትግሃት ብመንፈሳዊዕዮ ጽሙድ ነበሩ። ካብቲ ገዳም ወጺኦም’ውን ኣብ ከባቢ ኣድያቦ (ትግራይ) ብብሕትውና ምስ ቅዱሳን ኣበው እናተራኸቡ ሱባኤ የዘውትሩ ነበሩ። ሓደ ካብኦም ኣብ ኣፍ ጋሕጋሕ ዝተራኸብዎም ከኣ አባ ሳሙኤል ዘዋልድባ እዮም። ካብኡ ብምቐጻል ናብ ካልእ በረኻ ብምኻድ ወግር ዓቢይ ኣብ ዝተባህለ ቦታ ይጋደሉ ነበሩ። ኣብቲ በረኻ ድማ ኣራዊት መሮር ተገዝኡሎም። ኣብ ልዕሊ ዓጋዜን ተወጢሖም ከኣ ይንቀሳቐሱ ነበሩ። ኣናብስት ከይተረፈ ኣብ ኵሉ ሥርሖም ይሕግዝዎም ነበሩ። ንምሳሌ ኣብ ገዳም ትኹል መጎደሪኦም ንዝነኾት ጐድጓድ ኣንበሳ እዩ እናተኣዘዘ ኩዒትሎም። ኣብ በረኻ ዱበኔ’ውን ፍሉያትን ኣዝዮም ዘፍርሁን ኣራዊት እኳ እንተነበሩ፤ ግርማ አቦና ርእዮም ኣብ ቅድሚኦም ኣይቐሙን ነበሩ። ሓራምዝ’ውን መጺኦም ይሰግዱሎምን፤ይጸርዎምን ነበሩ።

ኣብ’ቲ ኵሉ ተጋድሎ ዝገጥሞም ዝነበረ ተጸብጺቡ ዘይውዳእ መከራን፤ መግለጺ ዘይርከቦ ድኻምን ሕማማተ ሥጋን፤ እቲ ካብ ንእስነቶም ጀሚሩ ዝሕልዎም መልኣኽ ቅዱስ ገብርኤል ኣይፍለዮምን ነበረ። ነቲ ኵሉ ሸግር ድኅሪ ምቕባሎም ቅዱስ ገብርኤል ክረድኦም ኣብ ዝመጸሉ እዋን፤ “ክንድ’ዚ ዝኣክል ክሸገር ከሎኹ ዘይረዳእካኒ ስለምንታይ እዩ” ኢሎም ክሓትዎ ከለዉ፤ እቲ ቅዱስ መልኣኽ ግና እቲ መከራን ሸግርን ንጸጋ ምኺኑን፤ እቲ ምርዳእ’ውን ድኅሪ ኵሉ ጸዋተዉ መከራ ክኸውን ከምዘለዎ ይዛረቦም ነበረ። እቲ ጽድቂ’ውን ድኅሪ ነዊሕ ተጋድሎን ድንቂ መንፈሳዊ ሥራሕን ከም ዝርከብ፤ እቲ ቅዱስ መልኣኽ እናነገረ የጸናንዖም ነበረ። እግዚአብሔርኣምላኽ ከኣ ሰማያዊ ምሥጢራት ይገልጸሎምን የጸናንዖምን ነበረ። ብኽምዚ ኣዝዩ ጽንኩር ተጋድሎ፤ ጠቕላላ ፴/30 ዓመት ኣብ በረኻ ብብሕትውና ጸንሑ። ኣብዚ ዕድሜኦም እምበኣር እግዚአብሔር ተገሊጹ፤ ደጊም ናብ’ቲ ዘርእዮም ቦታ ከይዶም ንመንእሰያትን ንኣሽቱን ክምህሩን ምስኣታቶም ከኣ ክቕመጡን ኣዘዞም።

ምምሥራት ገዳም:-

“ንዑ ንስአል ወንትሜነይ”

ፋድል አቡነ ፊልጶስ፤ ንዓመታት ብብሕትውና ኣብ ከባቢ ኣድያቦ ትግራይ ገድሎም ድጎሪ ምፍጻምሞ፤ ብኣምላኽ ካብኡ ወጺኦም ናብ ገዳም ክኣትዉ ተነግሮም። ከም አበ ብዙኃን አብርሃም፤ ቅድስት ሥላሴ ኣብጺዳርዋ ዝብሃል ቦታ ተገሊጸሙሎም፤ ናብቲ ዝኸድዎ ስፍራ እናመርሑ ኣብጐዳዕ ኣብጺሖም ተሠወርዎም። ካብኡ ሕልፍ ኢላ ኣብ ቆላ ሠራየ ናብ ትርከብ ገዳም ደብረ ማርያም (ዞባ ደቡብ - ጥቓ ሩባ ዑበልን መረብን ዝርከብ ገዳም) ኣተዉ። መሥራቲ እቲ ገዳምን ወዲ አቡነ ኤዎስጣቴዎስን ምስ ዝኾኑ አቡነ አብሳዲ ከኣ ተራኺቦም። ልክዕ ቅድሚ ሕጂ ነሕድሕዶም ኣፍልጦ ከም ዝነበሮም ብዝመስል ኣገባብ፤ ብጽቡቕ መንፈሳዊ ምስዕዓምን ምትሕቑቓፍን፤ ብዓቢ ሓጐስ ተቐበልዎም።ክልቲኦም ኣቦው ከኣ ሓደ ብዛዕባ እቲ ካልእ ክጽሊ ድጎሪ ምሕዳር፤ እግዚኣብሔር ኣምላኽ ንሓዲኦም ብዛዕባ እቲ ካልኣዮም ትንቢት ገሊጹሎም።

ነቲ ዝተገልጸሎም ምሳሌያዊ ራእይ ድማ ኣንጊሆም ተዛራረቡሉ። አቡነ አብሳዲ ከኣ ብመሠረት እቲ ዝተገልጸሎም ነገር፤ ደጊም ኣቡነ ፊልጶስ ተምሃሮ ክምህሩን፤ ኣጎዋት እናኣከቡ ክነብሩን፤ ስብከተ ወንጌል ከስፍሑን ትእዛዝ አምላኽ ምኺኑ ነገርዎም። ድጎሪ ናይ ሠለስተ ወርሒ ሱባኤ ኸኣ ንኣረጋዊ ቀሲስ ቶማስ (ብሥጋ አቦ አቡነ አብሳዲን መርቆሪዎስን) ረኺቦሞም። ቀሲስ ቶማስ ከኣ ብምሳሌ ገይሮም ዝቐጽል መገዲ ኣቡነ ፊልጶስ በየን ምኺኑ ንዝተገልጸሎም ነገር ነገርዎም። ከምቲ ንሶም ዝነገርዎም ከኣ ብወገን ምብራቕ ነበረ።

አቡነ ፊልጶስ ካብቶም ዝፈትዉዎም መንፈሳዊያን ኣጎዋቶም ቅድሚ ምፍላዮም፤ ምስ አቡነ አብሳዲን አቡነመርቆሪዎስን ብሓባር ሱባኤ ዝኣትዉሉን መንፈሳዊ ተጋድሎ ዝፍጽሙሉ ጊዜ ነይሩ እዩ። ሓደ ጊዜ ሠለስቲኦም ኣብ ጸሎት ተጸሚዶም፤ ንሓዋሩ ንስምና መጸውዒ ዝኸውን ምእንቲ ክህበና ንተምነ ተበሃሃሉ። አቡነ አብሳዲ ንአቡነ መርቆሬዎስን ነናቶም ልባዊ ትምኒት ክገልጹ ከለዉ፤ አቡነ ፊልጶስ ከኣ ብግዲኦም “ኣነስ ገዳም ተኺለ፤ በቲ ዝሠራዕክዎ ሥርዓት ጸኒዓ ክነብር፤ ደቀይ ድማ ኣብ’ዛ ገዳም እዚኣ ግብሪ ጽድቂ ዝሠርሑላ ክትኮነለይ፤ ብውልቆም ከኣ ቤቶም ከይሠርሑ ምደለኹ ነይረ በሉ።” ብኡ ንብኡ ድማ “ከምቲ ዝተመነኻዮ ይኹነልካ” ዝብል ድምፂ ሰምዑ።

መራሒኦም ባዕሉ መንፈስ ቅዱስ ስለ ዝነበረ ኸኣ ከይደንጐየ፤ ካብቲ ገዳምን ከካብ ቦታኦምን ንዕኦም ኣርድእቲ ዝኾንዎም ብመንፈስ ቅዱስ ዝተመርሑን ዝተጸውዑን ፲፮/16 መነኮሳት መጹዎም። ኣስማት ናይ’ዞም መነኮሳት መምስ እቲ ዝነበሮም ጸጋ ከኣ እዚ ዚስዕብ እዩ፦ አባ ይባርከነ ክርስቶስ (ተጋዳላይ)፤ አባ ገብርኄር (ዕጉሥ)፤ አባ እንድርያስ (ሕያዋይ)፤ አባ ታዴዎስ (ፍቁር)፤ አባ ዜና ጴጥሮስ (ምስጉን)፤ አባ ዮሐንስ ከማ (ምሉአ ሞገስ)፤ አባ ኤርሚያስ (ምሥጢረ ሰማይ ዝርኢ)፤ አባ ይስምዓነ ጸሎተነ (ተርጓሚ)፤ አባ ይስሐቅ (ፈላጥ)፤ አባ እንጦንስ (ሰማዕትን ክቡርን)፤ አባ ጳውሎስ (ተጋዳላይ)፤ አባ ተንሥአ መድኅን (ጎበዝ)፤ አባ በርተሎሜዎስ (ህርኩት)፤ አባ ኢሳይያስ (ድንግል)፤ አባ ማቴዎስ (ጎሩይ)፤ ኣባ ማትያስ (ኃያል) ይብሃሉ ነበሩ።

እምበኣር ቅዱስ ኣቦና ድጎሪ እቲ ናይ ፴ ዓመት ተጋድሎኦም ኣብ መበል ፵፪/42 ዓመቶም ድማ ምስቶም ደቀመዛሙርቶም ናብዚ ገዳም ተበገሱ። ታኅሣሥ ፳፭/25 አቡነ ፊልጶስ “ናብ ምብራቕ ገጽካ ኬድካ፤ ናብ ደብረ ቢዘን ኣቢልካ ደይብ” ዝብል ቃል እግዚኣብሔር ምስ ሰምዑ፤ ናብ ምብራቕ ኣቢሎም መንገዶም ኣቅንዑ። እግዚኣብሔር ዝመረጸሎም ብፍሉይ ንምፍላጥ ንኮሎም ኣርድእቶም ኣኪቦም ጸሎት ገበሩ። ኮሎም ድማ ካብ ሰማይ ክሳብ ምድሪ ዝቁመቱ ኣብ’ቲ ገዳም ዓምደ ብርሃን ተተኺሉ ርኣዩ። ብድጎሪ’ዚ ኣቡነ ፊልጶስ መንፈስ ቅዱስ ዘርኣየኒ ርስተይን ርስትኹምን፤ ከም ኡውን ካብ ዓለም ንዝተገፍዑ መጎደሪት እትኸውን እዛ ቦታ’ዚኣ እያ ኢሎም ብርሑቕ ኣመልከትዎም።

ብኡ ንብኡ “ከምቲ ኣቦና ኖኅ ንርግቢ ከምኡ’ውን ነቢይ ሙሴ ንካሌብን ኢያሱን ምስ ለኣኹ፤ ሠናይ ዜና ዘምጽሎም፤ ንስኻትኩም ከኣ ንዕኦም ምሰልዎም” ብምባል ካብቶም ኣርድእቶም ንኣባ ኤርሚያስን ንኣባገብርኄርን ንምድረ ቢዘን ኣድኒየምን ተዓዚቦምን ክመጹ ልኣኽዎም። እዞም ልኡኻት ኣርድእቶም ናብ’ዚ ገዳም’ዚ ብቀስተ ደመና እናተመርሑ ምስ ደየቡ፤ እቲ ቦታ ኣዝዩ ዘሰምብድን ዘፍርሕን ግርምኡ ከኣ ዘይድፍረን ኮይኑ ረኸብዎ። ጸሎት ምስ ኣብጽሑ ከኣ፤ ኣባ ኤርሚያስ ኣፍ ደገ ፲ተ ሰማያት ተኸፊቱ ረኣየ፤ ከም ኡውን ነፍሳት ኣብ፪ተ ተኸፊለን፤ ነፍሳተ ታጥኣን ኣብ ሲኦል ክጭነቓ፤ ነፍሳተ ጻድቃን ድማ ኣብ ገነት ክሕጎሳ ረኣየ። በዚ ምኽንያት ክልቲኦም ናይ’ዛ ገዳም ግርማን ዕቤትን ኣስተውዒሎም እናተሓጐሱ ናብ ኣቦኦም ተመልሱ። ኣቡነ ፊልጶስ “ደቀይ እንታይ ርኣኹምን ሰማዕኹምን” ቢሎም ሓተትዎም። ንሶም ድማ “ሥራሕ እግዚኣብሔር ዘገርምን ዘደንቕን’ዩ። ንሓድሕዶም ዝባልዑን ዝመናጠሉን ኣራዊት እንተ ዘይኮይኖም ካልእ ሰብ ኮነ እንስሳ ዝነብሮ ኣይኮነን። ብዘይካ እሾኽን ተኹርባን ንገዳማውያን ዝኽውን ምግቢ ኣይርከቦን እዩ። መንገዱ’ውን ሸታሕታሕን ዓቕብን እዩ። ዓዲ ኣረማውያን ኮይኑ ንባሕሪ ኤርትራ መንገዲ ሓደ መዓልቲ እዩ” በልዎም። ፋድል አቡነ ፊልጶስ ነዚ ምስ ሰምዑ“ኣቱም ቡሩኻት ደቀይ! ነዞም ደቀይ መንፈስ ቅዱስ ሰማያዊ ምሥጢር ገሊጽሎም ከበቕዕሲ፤ በዚ ነገር’ዚ ኣይፈርህን እየ” በልዎም።

ብድጎሪ’ዚ አቡነ ፊልጶስ ካብ ዓንሰባ ተበጊሶም ናብ ካርንሽም ኣተዉ። ሓደ ካብ’ቲ ዝፈጸምዎ ተኣምር ከኣ ኣብ ገረሚ ብጽላሎቶም ድውያን (ስንኩላን) ኣድኂኖም ምንባሮም እዩ። ንቡዙኃን ድውያንን ሕሙማንን እናሕወዩ ከም ኡውን ዝተፈላለየ ተኣምራት እናገበሩ ብሸነኽ ምዕራብ ናይ’ዚ ገዳም እንባ ጸሎሎ (ሎሚ ጸሎት ዝብሃል ዘሎ) ኣብ ዝበሃል ቦታ ኣዕረፉ። ኣብኡ ከለዉ ንጸሎት ዘይምችእ ድምፂ ደርሆን ድምፂ ኣንስቲን ምስ ሰምዑ “ካብ ገጽ ኣንስቲስ ገጽ ኣናብስቲ” ኢሎም ነቲ ቦታ

ከም ዝገድፍዎ ብራና ገድሊ ኣቡነ ፊልጶስ ይገልጽ። እዚ ኸኣ ኣንስቲ ብምጽላእ ዘይኮነስ፤ ነቲ ኣቐዲሙ ዝተዋህቦም ትንቢት ገዳሞም ክፍጸም ምእንቲ እዩ። ጉዕዞኦም ብምቕጻልመልኣኽ መንገዲ እናጸረገሎም ብሰሜናዊ ምብራቕ ኣቢሎም ምስ ፲፮/16 ኣርድእቶም ናብ'ዛ ገዳም እዚኣ ኣተዉ።

ኣቡነ ፊልጶስ ፋድል ኣብዛ ገዳም ምስ ኣተዉ፤ ብመስቀል ጌሮም ብኣርባዕተ ማእዝናተ ዓለም ነቲ ከባቢ ባረኽዎ። ብኡ ንብኡ ኣብ'ኣ ዝነበረ ርኹስ መንፈስ ድምፁ ዓው ኣቢሉ ኣእወየ። በቲ ብልሳን ኣቦና ብዝተጸውዐ ስም እግዚኣብሔር ድማ ተመታተረን ካብ'ቲ ቦታ ኣልገሰን። ኩሎም እቶም ኣርድእት ከኣ መንበሪኦም ዝኾውን ነንኣሽቱ ኣጉዶ ብሓባር ክሠርሑ ጀመሩ።

ቅዱስ ኣቦና ኣቡነ ፊልጶስ ናብ ውሽጢ ደብረ ቢዘን ድኅሪ ምእታዎም፤ ንኩሉ ኮሊሎም ድኅሪ ምርኣዮምን፤ ቅድሚ ኩሉ ነገር ማኅበር ሓድነት ኣቑሙ። ከምቲ ኣብ ቀዳሞት ዓመታት ዘመነ ክርስትና ብዙኃት ክርስቲያናት ዝኾኑ ብሓድነት ንክነብሩ ንብረቶም፤ ሃብቶምን ጥሪቶምን ሒዞም ናብ ማኅበር ሓድነት ሓዋርያት ዝጽንበሩ ዝነበሩ ብተመሳሳሊውን እቶም ምስ ኣቦና ዝኣተዉ ፈለምቲ ገዳም ጥራይ ዘይኮኑስ፤ ብዙኃን ሰባት'ውን ብትምህርትን ተኣምራትን፤ ከምኡውን ሓድነት ገዳም እናተሰሓቡ ናብዚ ማኅበር ሓድነት እናተጸንበሩ ይምንኵሱ ነበሩ። (ግብ ሓዋ ፬፥፴፫-፴፯/4፥35-37) ቍጽሮም'ውን ዕለት ዕለት ይውስኽ ነበረ። ኣቡነ ፊልጶስ ኣብ ዝነበሩሉ ጊዜ ጥራሕ ፱፻ (900) በጺሖም ከምዝነበሩ ይፍለጥ።

ኣቡነ ፊልጶስ፤ ሓድነት ዝዓንዱ ሕጊ ጳኩሚስ ብዝግባእ ኣብ'ቲ ገዳም ምስ ተኽሉን፤ ንኩሎም መነኮሳት ከክፍሊ ሥርሑም ምስ ገበሩሎም፤ ቍጽሪ መነኮሳት መመሊሱ ይውስኽ ነበረ። ብኽምዚ ሥርዓት ዝመኃደሩ ኣበውሰ መነኮሳት ከኣ ፱ ቤተ ክርስቲያን ክሳብ ዝኾኑ በዚኖም ነበሩ ይብል እቲ መጽሓፍ ገድሊ።

ቅዱስ ኣቦና ነዚ ገዳም ኣብ ዝመሥረቱሉ ከኣ ወዲ ፶፪/42 ዓመት ዕድመ በጺሖም ነይሮም። እቲ ገዳም ዝተመሥረተሉ እዋን ኣብ መፋርቕ ፲፩ ክፍለ ዘመን እዩ። ብመሠረት ሓሳበ ቢዘን (ባዕላዊን መበቆላዊን ሓሳበ ዘመን ደብረ ቢዘን) ብ፲፩፻፴፪ ዓ.ም. (ብግእዝ ድማ ብ፲፫፻፷ ዓ.ም.) ኣብ መበል ፰፲ ዓመት ዘመነ መንግሥት ንጉሥ ሰይፈ ኣርዕድ (ንዋየ ክርስቶስ) (ወዲ ዓምደ ጽዮን) ከም ዝተመሥረተ መጽሓፈ ሕርግርግ ይገልጽ።

ሓዋርያዊ ተጋድሎ:-

"ሑረ ወዓቅሙ ሀገረ፤ ... እስመ ርኢኩ አርጋበ ፀዓደ ዒዳነ ስእለ ይወፅኡ ወይትነሥኡ"

ቅዱስ ኣቦና ሕይወቶም ንኣገልግሎት ወንጌል ብምውፋይ፤ ምስቲ ጽኑዕ ተጋድሎ ምንኩስና ኣወሃሂዶም ካብ ዝመንኮሱሉ (ወዲ ፲፪ ዓመት ከለዉ) ኣትሒዞም ብሓፈሻ ን30 ዓመት ዚኣክል ኣብ ትግራይን ኤርትራን ቃል ወንጌል ሰቢኾም እዮም። ከምቲ ኣቐድም ኣቢሉ'ውን ዝተጠቕሰ፤ ፶፪/42 ዓመት ምስ መልኦም ከኣ ንደቂመዛሙርቶም ኣኽቲሎም ንገዳም ደብረ ቢዘን፤ ገዲሞም።

ፋድል ፊልጶስ ድኅሪ ገዳም ምምሥራቶም እንተኾነ'ውን ገዳሞም እናደልደሉን እናሠርዑን፤ ስብከተ ወንጌል እና ኣስፍሑን፤ ንብዙኃንን ብዙኃትን ኣብ'ቲ ከባቢ ይኹን ርሑቕ ከባቢታት ንዘለዉ ዘይኣመንቲ ብስብከቶምን ብትምህርቶምን የእምኑ ነበሩ። ብዙኅ ዘድንቕ ተኣምራት ይፍጽሙ፤ ሕሙማት ይፍውሱ፤ ኣጋንንቲ የውጽኡ፤ ዓባሳት የዛርቡ፤ ዕዉራት የብርሁ ነይሮም። እቲ ዝናን ሰናይ ወረ ዝሰምዑ ሰባት ጥራይ ዘይኮኑሲ፤ ኣናብስትን ኣናብርን ከይተረፉ ኩሎም ኣራዊት የኽብርዎምን ይግዝኡሎምን ነበሩ። ጸበል እግሮም ከይተረፈ ይልሕሱ ነበሩ።ብዙኃት ከኣ በቲ ጣዕሚ ቃላት ዝተሓወሰ ስብከቶምን፤ ስብከት ደቆምን እናተሰሓቡ፤ ናብ ሃይማኖት ይኣትዉ ነበሩ።

ኣቡነ ፊልጶስ ባዕሎም ጥራይ ዘይኮነስ ደቆም ብቃል ይኹን ብግብሪ ሓዋርያተ ወንጌል ክኾኑ ብብዙኅ መገዲ ይሓንፅዎም ነበሩ። ብሓደ ልቢ ኮይኖም ክዓዩ ዘድልዮም ምኽርን ማዕዳን ብቀጻሊ ይህብዎም ከም ዝነበሩ ከኣገድሎም ኣስፊሑ ይገልጽ። ነቲ ኣምላኽ ዝፈትዎ ፍቕሪ ክስዕቡ ከም ዘለዎም ይምህርዎም ነይሮም። "ኣ ደቂቅየ ዘንተ ተምህሩ ወዘንተ መህሩ ለሰብእ ዓለም" (ደቀየ እዚ ተምሃሩ ንሰብ ዓለም ድማ ከምዚ ኢልኩም መሃሩ) እናበሉ ካብ ዝመሃርዎም ትምህርቲ ከኣ እቲ ሓደ ከይፈርሁን ከይሰንበዱን ብትብዓት [ስለ] እግዚኣብሔር ክምስክሩ ከም ዘለዎም እዮም። እቲ ካልእ ካብ ትምህርቶም ከኣ ንሰብ ካብ እግዚኣብሔር ዝፈልዮ ጥንቓላን ንዑኡ ዝመስል ኣምልኮ ጣኦት ክቃለስዎ ከም ዝግባእ ዝገልጽ እዩ ነይሩ።

እቶም ሰናይ ዜናኦምን ተኣምራቶምን ሰሚዖም ዝበጽሕዎምን፤ ካብኦም'ውን ክመሃሩ ዝደልዩ ዝነበሩን እቶም ተራ ክፋል ሕዝቢ ጥራይ ዘይኮኑስ፤ እንተላይ ዓበይቲ መነኮሳት ዝተፈላለዩ ገዳማት እዮም ነይሮም። ካብኣቶም'ውን ካብ ፲፪ ገዳማት ኤርትራን ኢትዮጵያን ዝተኣከቡ ዓበይቲ መነኮሳት በጺሖሞም ነይሮም እዮም። ኣባ ተወልደ መድኅን ዘደብረ ማርያም፤ ኣባ ማቴዎስ ዘማይ ሳግላ፤ ኣባ ዳንኤል ዘደብረ ገዳማዊ፤ ኣባ ጳውሎስ ዘደብረ ኣጉድ፤ ኣባ ማርቆስ ዘደብረ ኣድያቦ፤ ኣባ ማቴዎስ ዘደብረ ማይ ምዕራፍ፤ ኣባ ጢሞቴዎስ ዘደብረ ኣርጋ፤ኣባ ኣርከሌድስ ዘደብረ ደጓዕለ፤ ኣባ ሙሴ ዘደብረ ሰላም፤ ኣባ ማቴዎስ ዘዓዲ ቀውዖ፤ ኣባ ጢሞቴዎስ ዘዓደ ግባ፤ኣባ ማትያስ ዘዓዲ ቀ ዝርከብዎም ናብኦም መጺኦም ይሓትዎምን ይመሃሩን ከም ዝነበሩ ገድሎም ይገልጽ።

ኣቡነ ፊልጶስ ብመንጽር ምስፋሕ ገዳማት'ውን፤ ኣብቲ ናቶም ገዳም ከይተሓጽሩ ካብ ኩሎም ገዳማት ንዝመጹ ብኩሉ እቲ ዘድልዮም ይሕግዝዎም ነበሩ። ኣብ ምኅያል ገዳሞም ጥራይ ከይተወሰኑ፤ ካብቶም ኣርድእትን መነኮሳትን ነቶም ብቕዓት

ዝብልዎም ከም እኒ አባ ኤርሚያስን፤ አባ ይባርከነ ክርስቶስን ከምኡ'ውን ካልኦት መነኮሳት፤ ካብኡ ወጺኦም ናብቲ እግዚአብሔር ዘመልክቶም መካናት ብምኻድ ገዳማት ከቕሙ ኣዚዞሞም ነይሮም። እዚ ኽኣ ብፀዓዱ ኣርጋብ ዝረኣይዎ ራእይ ክፍጸም ምእንቲ እዩ። እቶም ወፈርቲ ኣርድ እቶም'ውን ኣብ'ቲ ዝኸድዎን ኣብ እግሪ ምትካል ሓደሽቲ ገዳማትን፤ ንዝረኽቦም ዝነበረ ተጻብኦ ኩሉ ክሥዕሩ ብጸሎትን ብምኽርን ብተኣምራትን ይሕግዝዎም ነበረ።

<u>ተኣምራት</u>

"ወተአምርየኒ ይበዝኅ እምድኅረ ሞትየ እምሕይወትየ"

ቅዱስ ኣቦና ኣብ ዓቢይ መዓርገ ቅድስና በጺሖም ስለ ዝነበሩ፤ በቲ ዝተዋህቦም ጸጋ ብዙኅ ድንቂ ድንቂ ተኣምራት ይገብሩ ነይሮም እዮም። ኣብቲ መጽሓፈ ገድሎም ዝተጠቕሱ ውሑዳት ተኣምራት ናይ ኣቦና ይሃልዉ እምበር፤ ኣቦና ኣብ መዋዕል ታሪኾም ዝፈጸምዎም እሞ ዘይተጻሕፉ ብታሪኽ ጥራይ እናተ ነግሩ ዝነብሩ ፍቕዲ የብሎምን። ንሶም ብኣካል ዝተሳተፉሉ ተኣምራት ገዲፍና፤ ንሶም ኣብ ዘለዉዎ ኮይኖም ኣርድእቶም ብምልኣኽ፤ እግዚአብሔር አምላኽ ንዝገለጸሎም ነገር ካብ ርሑቕ ብምዝራብ ዝፈጸምዎ ኣዝዩ ብዙኅ እዩ። ድኅሪ ዕረፍቶም'ውን እቶም ኣብ ዘመኖም ይኹን ብድኅሪኦም ዝነበሩ መነኮሳት፤ ከምኡ'ውን ክሳብ ሕጂ ብስሞምን ቃል ኪዳኖምን እናተማኅፀኑ ብዙኃንን ብዙኃትን ዓበይቲ ተኣምራት ክፍጸመሎም ይነብር ኣሎ።

ንምሳሌ ዝኸውን ገለ ክንጠቕስ፦ ኣብ ዓቢይን ዓሚቕን ጉድጓድ ዝኣተዋ ኣግማል ጓሶት፤ ኣርድእቶም በትሪ አቡነ ፊልጶስ ካብ ኢዶም ወሲዶም ኣብታ ጉድጓድ ብምእታው፤ ነቶም ኣግማል "ገብረ (ኣገልጋሊ) እግዚአብሔር ፊልጶስ ብስም ኢየሱስ ክርስቶስ ውፁ ይብለኩም" ብምባል ምስ ኣዘዝዎም፤ ከም ኣዕዋፍ ነጢሮም ካብቲ ጉድጓድ ወጺኦም እዮም። ኒቆዲሞስ ንዝበሃል መነኮሳ'ውን ካብ ሞት ኣተንሢኦሞ ነበሩ። ውሑጅ ንዝወሰዶም መነኮሳት፤ ስሞም ምስ ጸውዑ፤ ንሶም ተገሊጾም ዘድኃንዎም ኣለዉ። ቅዱስ ኣቦና አቡነ ፊልጶስ ሓንሳብ ካብ ልሳኖም ዝወጸት ቃል፤ ስርሓ ከይፈጸመት ፈጺማ ኣይትምለስን ነበረት። እምበኣር ክንዲ'ዚ ዚኣክል ጸጋን ኃይልን እዮም ካብ ኣምላኾም ተቐቢሎም። ዝረገምዎ ከኣ ኣይውዕልን ኣይሓድርን ነበረ። ልዕሊ ኩሉ ዝፈለጡሉ ተኣምር ግን፤ ምእንቲ ክብሪ ቀዳሚተ ሰንበት ኣብ ዝነበረ ክርክር ዝገበርዎ ተኣምር ኢዩ። አቡነ ፊሊጶስ ብምክንያት ቀዳሚተ ሰንበት ብንጉሥ ተጸዊዖም ናብ ኢትዮጲያ ኣብ ዝኸዱሉ እዋን፤ ነቲ ከጥሕሎም ዝተመደበ ቀላይ ከም ንቐጽ ሣዕሪ ብምንዳዶም "አንዳዴ ባሕር ፊልጶስ" ተባሂሎም ዝጽውዕሉ ተኣምራቶም እዩ።

እዚ ናይ ኣቦና ገቢረ ተኣምር ኣብኦም ጥራይ ዝተሓጽረ'ውን ዘይኮነስ፤ ደድኅሪኦም ንዘሰዓብዎም ኣርድእትን መነኮሳት'ውን ዘሰንዮም ዝነበረ እዩ። ድኅሪ ቅዱስ አቦና ፊልጶስ ኣበምኔት ገዳም ደብረ ቢዘን ዝነበሩ አቡነ ዮሐንስ'ውን ኣብ ልቢ ሰባት ንዝተዓጭረ ነገር ዘይስወሮም ምንባሮም ይግለጽ። ካብኡ ሓሊፉ ኣርድእት ገዳም ብግፍዒ ኣብ'ቲ ዝኸድዎ ዓዲ ምስ ተቐችሉ፤ ደመናታት ዓጽዮም ማይ ከየዘንብ ከም ዝገበሩን ነቶም ዓድታት ብጥሜት ከም ዝተቐጽዑን ይቕረ በሉልና ኢሎም ከም ዝለመኑ ይፍለጥ። ኣብ'ቲ ቅዱስ አቡነ ፊልጶስ ዝነበሩሉ ዘመን'ውን ካብቶም ኣርድእቶም፤ እኒ አባ ኤርሚያስ ብቃሎም ደመናት ኣዚዞም ዝናማት ዘዝንሙ፤ ከም እኒ አባ ፍሬምናጦስ ብመስቀል ባሪኾም ከውሒ ኣንቂዖም ማይዘፈልፍሉ፤ ከም እኒ አባ ስልዋኖስ ጐይታ ጋሻ መሲሉ ዝተገልጸሎምን፤ እግሪ ጐይታ ዝሓፀቡን ካልኦትን ንዕኦም ዝመስሉ ዓበይቲ ቅዱሳን ከም ዝነበሩ ይፍለጥ።

ባዕሎም አቡነ ፊልጶስ ንደቆም ኣብ ናይ መወዳእታ ሰዓት ክምዕድዎም ከለዉ "ወተአምርየኒ ይበዝኅ እምድኅረሞትየ እምሕይወትየ" (ተኣምረይ ድማ ብሕይወት ካብ ዝነበርኩሉ ድኅሪ ሞተይ ኪብዘኅ እዩ) ከም ዝበልዎ ይግለጽ። ከም'ዚ እተዛረብዎ ከኣ ክሳብ ሎሚ እቲ በረኽቶም ኣብ ልዕሊ ደቆምን ደቂ ደቆምን ስለ ዝኃደረ፤ ጸሎት ኣበው እዚ ገዳም'ዚ ወትሩ ተኣምራት ክፍጽም ይነብር ኣሎ። ቅርብ ኢሉ ታሪኽ መምህራንን ቅዱሳንን እዚ ገዳም ዝሓትት ሰብ፤ እዚ ገዳም'ዚ ካብ ጥንቲ ክሳብ ሎሚ ብዙኅ ብዘይተነግረሎም ባሕሪ ተኣምራትን ገበርቲ ተኣምራትን ብዝኾኑ ቅዱሳን ዘዕለቕለቐ ምኂኑ ብቀሊሉ ክርዳእ ይኽእል። ቅዱሳን ካልኦት ሃገራትን ተኣምራቶምን ሎሚ ብዝተፈላለየ ኣገባብ ተጻሒፉን ፊልምታት እናተሠርሓሉ ክንርእዮ ከሎና ብዙኅ ትምህርትን መንክር ተኣምራትን ንረኽበሉ ኢና። እቶም ከም ደብረ ቢዘን ኣብ ዝኣመሰሉ ቅዱሳን ገዳማትና ዝነበሩን ዘለዉን ኣበውን፤ ታሪኾምን ተኣምራዊ ገድሎምን ብዝግባእ እንተ ነጽንያን እንተንፈልጦን፤ ጽሒፍናን ... እንተን ዝርግሑን ንኩሉ ዓለም ዝኸውን ክንደይ ትምህርቲ ምሃበ ነይሩ። እንታይ ይገበር፤ ናይ ወጻእተኛ ከነድንቕ እምበር ናይ ርእስና ብሉጽ ሃብቲ ክንፍትሽ መዓስ ንርከብ ኣሎና?!

<u>ቃል</u> ኪዳን

"ወናሁ ሐፀርክዋ በግርማ"

ቅዱስ ኣቦና ገና ዕረፍቶም ከይቀረበ በብእዋኑ እናለመኑ፤ ብዛዕባ እቲ ዝገደምዎ ገዳም ይኹን ደቆም ክሳብ ሕጂ ሕያው ኮይኑ ዝቕጽል ዘሎ ብዙኅ ቃል ኪዳን ካብ እግዚአብሔር ተቐቢሎም እዮም። ገለ ካብቲ ኣምላኽ ዝኣተወሎም ኪዳን ከኣ "ደቆም ብጥሜትን ጽምእን ብዝኾነ ይኹን ብሽግር ብፍርሃት ኩናት፤ ካልእ ኣረማዊ ምኽንያት ካብ'ቲ ደብሪ ከይስደዱ፤ ንምርኮ ኣይኅሊፎም ከይወሃቡ" ዝብል ይርከቦ። ኣምላኽ ድማ ከምቲ ዝተመነይዎን ዝለመንዎን ክህቦም ቃል ኪዳን ኣትዩሉም ኣሎ።

እግዚአብሔር ኣምላኽ፤ ኣብዚ ደብረ'ዚ ብዙኅ ጊዜ ብኽብሪ ምስ ቅዱሳን መላእኽቱ ወሪዱን ባሪኽዋን እዩ። ቅዱስ ኣቦና ነታ መጀመርያ ዝሓነፅዋ ቤተ ክርስቲያን ቅዳሴ ቤታ ድኅሪ ምኽባሩ፤ ኣብ ማእከላ ኮይኖም ከምቲ ጥበበኛ ሰሎሞን ነቲ ሕንፃ ቤተ መቅደስ ሠሪሑ ምስ ፈጸመ ዝጸለዮ ጸሎት ናብ ኣምላኹም ኣቕረቡ። እግዚኣብሔር ኣምላኽ ድማ "ብመዓልትን ለይትን ናብ'ዚ ቅድስት ቤት ዝተመላለሰ፤ ዘመስገነ፤ ዝሰገደ፤ እናነበዐ ዝለመነ፤ መባእ ዝሃበ፤ ዕጣን ስርናይ ወይኒ ዘይቲ ልብሲ ዝወፈየ፤ ንዝሓለውዋ፤ ኣብኣ ንዝተቐብሩ ኵሎም ርስቶም መንግሥተ ሰማያት ከም ዝኸውንን፤ ሓዊ ሲኦል ከም ዘይርእይን ምሕረት ሥላሴ ከም ዘይፍለዮን ቃል ኪዳን ተቐቢሎም እዮም።

ኣብ ጊዜ ዕርጋኖም'ውን ንእግዚኣብሔር ቃል ብቃል ኣብ ዘዘራቡሉ ዝነበረ እዋን እውን፤ ካብ ኣምላኾም ዝለመንዎ ኩሉ ኪዳን ተዋሂብዎም እዩ። እግዚኣብሔር ኣምላኽ፤ ንቅዱስ ኣቦና ዝደለይዎ ክልምንዎ ምስ ተዛረቦም፤ ንሶም ከኣ "ቅድሚ ኵሉ ጽድቁን መንግሥቱ ድለዩ" ከም ዝብል ጽሑፍ ምኺኑ ምስ ነገርዎ፤ ጐይታናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ድማ ኣብ ቤት ኣቦይ ኣብ መንግሥተ ሰማያት ፯ ኣኽሊላት ክህበካ እየ፤ እዚ ድማ ፫ተ ምእንቲ ድንግልናኻ ፫ተ ምእንቲ ምናኔኻ፤ ፭ ድማ ምእንቲ ሰማእትነት ክብረ ቀዳሚት ሰንበት፤ በዓል ጸራቅሊጦስ ኣዚኻ ስለዘ ኽበርካ መንበርካ ልውል ገይረልካ ኣሎኹ፤ ክንዲ ሲሶ ናይ ዓለም ርስቲ ከውርሰካ፤ ፈረሰ እሳት ከኣ ክህበካእየ" ኢልዎም ነይሩ። ቅዱስ ፊልጶስ ከኣ ጸሎቱ ንዘይከልኣ፤ ምሕረቱ'ውን ካብኦም ስለዘይረሓቐ ንኣምላኾም ኣዝዮም ኣመስጊኖም እዮም።

ምእንቲ ኣብ'ቲ ገዳም ዝምንኵሱ ደቆም ድማ ኪዳን ክህቦም ንኣምላኽ ኣብ ዝለመነሉ "ብሥርዓተ ገዳምን ዝኽዱ፤ ንዝቀደመ ታጢኣቶም ክኃድገሎም፤ ሕጉ ንዘጽንዑ፤ መቃብሩ ንዝሕልዉ" ነታ ንኣቦና ዘተስፍዎም ክብርቲ መንግሥተ ሰማያት ከም ዘእትዎ ቃል ኪዳን ረኸቡ። ወሲኹ'ውን ንመቓብር ቅዱስ ኣቦና ፊልጵስ ዘንብበላ ኣገልገሊ ከምዘይሰኣናን፤ ዝዝምረላን ዝትርጕመላን ዝደርሰላን መጻሕፍቲ'ውን በብዓይነቱ ዝግልብጠላን ዘስተምህርን ዝምህርን መምህር ከምዘይከልኣ ቃል ኣተወሎም። እዚ ባርኾት ከኣ ክሳብ ሕጂ ብርእዮ ዘይተቋረጸን ዝቕጽል ዘሎን ቃል ኪዳን እዩ። እቶም ብርቱዓትን ተጓዳእትን ዝብሃሉ ኣራዊት ኣብ'ቲ ገዳም እኳ እንተነበሩ፤ ሓደ እኳ ጉድኣት ዘውርድ የልቦን። ወሲኹውን ፍልጠት መጻሕፍቲ ንደብረ ቢዘን ዝተገልጸ ይኹን ኢሉ ባረኾም።

ኣቡነ ፊልጶስ ብዛዕባ ገዳሞም ብዝሓተትዎ፤ እግዚኣብሔር ኣምላኽ "ብሓዊዶ ክሓጽረልካ ወይሲ ብማይ ወይስ ብግርማ?" ክብል መሊሱ ሓተቲዎም ነበረ። ንሶም ድማ "ብሓዊ ሕጸራ" በሉዎ፤ እግዚኣብሔር ኣምላኽ ግና"ትልምኖዶ ኣይትፈልጥን ኢኻ፤ ብሓዊ እንተ ሓፀርክዋ ናባኻ ኪመጽእ ዚኽእል የልቦን፤ እንሆ ብግርማ ሓጺረልካ ኣሎኹ፤ ብዘይካ ኣብኣ ዚምጎፀን፤ ዝኾነ ዝደፍራ ኣይክህሉን እዩ፤" ክብል ብዝኣተወሎም ክሳዕ ሎሚ ብግርማ መንፈስ ቅዱስ ተዓቂባ ትነብር ኣላ።

ኣብ ጊዜ ዕረፍቶም ቅዱስ ኣቦና ንእግዚኣብሔር ለሚኖም ካብ ዝረኽብዎ ቃል ኪዳን ከኣ ሕግን ሓድነትን ገዳሞም ክሳብ ዕለተ ምጽኣት ከምዘይፈርስ፤ ገዳሞም ብሓዊ ከይትነድድ፤ ሕማም ተላገብ ከይኣቱ፤ ነቶም ብትምህርቶም ዝኽዱ ምሕረተ ኣብ ከም ዘይፍለዮም፤ ቆብያም ንዝለበሱ ከኣ ዝባላዕ ሓዊ ከምዘይቐርቦም፤ መንበሪኦም ግና ከም ግብሮም ከም ዝኸውን፤ ንድኻታት ዝዝክሩ፤ እንጌራ ዘብልዑ ክዳን ዝኽድኑ፤ ተዛካሮም ዝገብሩ ከኣ ሃገረ መንግሥተ ሰማያት ከም ዝወርሱ ዝምልከት ነበረ። እቲ ንብዙኃት ኣብያተ ክርስቲያናትን ገዳማትን ምድረ ኣግዓዚከም ዘንደደ ዝንገረሉ ኣብ ፲፮ ክፍለ ዘመን ዝተላዕለ ኣሕመድ ግራኝ፤ ኣብ እግሪ እዚ ገዳም'ዚ ቀሪቡ ከም'ቲ ልማዱ ክገብር ፈቲኑ እንተነበረ'ውን፤ እዚ ናይ እግዚኣብሔር ቃል ኪዳን ክሰግሮ ስለ ዘይከኣለ ናብቲ ገዳም ኣቲዩ ከዕንውን ከንድድን ስለዘይከኣለ፤ ናብቲ ዝወፈረሉ ብነገሥታት ባሕርይ ነጋሲ ተሳሚሩ ከም እተመልሰ ኣበው የዘትንዉ።

ኮይኑ ድማ ቅዱስ ኣቦና ካብ እግዚኣብሔር ንርእሶም ይኹን ንደቆም፤ ካብኡ ሓሊፉውን ንኾሉ ሕዝቢ ዝኸውን ዘይበርስ ቃል ኪዳን ተቐቢሎም እዮም። ኣብ ውሽጢ ሃገርና ዘሎና ይኹን ኣብ ወጻኢ፤ ቅዱሳት መካናትን ገዳማትን ኣብ እንነግደሉ እዋን፤ ንግደትና ንግደት ኢየሩሳሌም ክገብረልና፤ ልዕሊ ኵሉ ታሪኽን ተጋድሎን እቶም ኣብ'ቲ ቦታ መንክር ዝፈጸሙ ቅዱሳን ምፍላጥን፤ ቃል ኪዳኖም ድማ ምስትውዓልን ምዝካርን የድሊ። ዓመት መጸ ምንጋድና ጽቡቕ ልማድ እኳ እንተኾነ፤ ብኣፍልጦን ብኣኽብሮትን፤ ቃል ኪዳን ናይቶም ቅዱሳን ብምምሳፃን ምስ ዝኸውን ዝያዳ በረኽትን ረድኤትን ዘለዎ ምኺኑ ከነስተውዕሎ ይግባእ።

<u>ምዕዶን</u> ዕረፍትን

"ወፈድፋደ ይፅናዕ ፍቅረ ድንግል ማርያም ውስተ ልብክሙ በኵሉ ጊዜ"

ቅዱስ ኣቦና ንደቆም ብዙኅ ንሕይወት ምንኵስና ዘገልግሎም ምዕዶን ምኽርን በብእዋኑ እናሃቡ፤ ንዝደኽሙ እናበርትዑ፤ ነቶም ዝበርትዑ ድማ ዝያዳ ክጸንዑን ጸጋ ዲበ ጸጋ ክዓብዩ ከምዘለዎም እናመኽሩ ይነብሩ ነይሮም። ብፍሉይ ድማ ብሃይማኖት ክጸንዑን ክጋደሉን፤ ትሕትና፤ ፍቅረ ቢጽ (ንኃውኻ ከም ነፍስኻ ምፍቓር) ክህልዎምን፤ ትዕግሥቲ ድማ ኣጽኒዖም ክሕዙ፤ በደል ኣኀዋቶም ድማ ብልቦም ይቕረ ክብሉን ኃደግት ክገብሩን ይነግርዎም ነበሩ።

ማር ፊልጶስ ድኅሪ ነዊሕ ተጋድሎ፤ ብፍላይ ከኣ ድኅሪ ምእንቲ ክብሪ ቀዳሚት ሰንበት ዝገበርዎ ኣድካሚ ጉዕዞን ተጋድሎን፤ ናብ ገዳሞም ምስ ተመልሱ ከም'ቲ ልማዶም ኣብ ጽኑዕ ጾምን ጸሎትን ኣተዉ፤ ሰብነቶም ግናደኺሙን ኣረጉን ነበረ። እቲ ናብ ኣምላኽ ዝገብርዎ ሰማያዊ ጉዕዞ ከምዝኣኽለ ፈሊጦም ከኣ ንደቆም ኣበርቲዖም ክምዕድዎም ጀመሩ። ካብቶም ፍሉያት

ምዕዶታቶም ከኣ “ሕግጋት ቅዱሳት መጻሕፍትን ትእዛዝ እግዚአብሔርን ሓልዉ፤ ንክልቲአን ሰናብቲ ማዕረ ኣኽብርወን፤ በዓለ መንፈስ ቅዱስ ብዝግባእ ኣኽብሩ፤ ኣምልኮተ እግዚአብሔር ኣጽንዑ፤ ዝምሕርን ዝቐትልን ሓደ ንሱ ኣምላኽ እምበር ሰብ ኣይኮነን፤ ክትድቅሱን ክትንሥኡን ከሎኹም፤ ክትከዱን ክትወፍሩን፤ ክትጽልዩን ክትእከቡን ከሎኹም ፍቕሪ ቅድስት ድንግል ማርያም ኣብ ልብኹም ፀኒዑ ይንበር፤ ክትበልዑን ክትሰትዩን ካብ ክፉእ ነገር ምእንቲ ክትሕልወኩም ስም ናይ ኣዴና ቅድስት ማርያም ምዝካር ኣይትረስዑ…” ዝብል ይርከቦ።

እቲ መዓልቲ ዕረፍቶም ምስ ኣኸለ ቅዱስ ገብርኤል ተገሊጹ፤ ክዳለዉን ነቲ ማኅበር ኣቦ ክገብሩሉን ተዛረቦም።አቡነ ፊልጶስ ደውል ኣደዊሎም፤ ንፀዮቋኜ ንኹሎም ደቂ ማኅበር ከምዝእከቡ ብምግባር፤ ብድኅሪኦም ነቲ ማኅበር አቦ ዝኾኖም ንክመርጹ ተላበውዎም። ንሳቶም ግና ዝፈትዉዎም ኣቦኦም ብሕይወት እንከለዉ ካልእ መምህር ምምራጽ ፈጺሞም ዘይተቐበልዎ እኳ እንተ ነበሩ፤ ኣቦና ግና ግድን ስለ ዝበልዎም፤ እምበኣር ግድን ካብ በልኩም ባዕልኹም እግዚአብሔር ንዘመልከተኩም መሪጽኩም ብቃልኩም ሃቡና በልዎም። ንሶም ድማ ገና ብዕድመ ንእሽቶይ ንዝነበሩ አቡነ ዮሐንስ ንሱ እዩ ኣቦ ዝኾነኩም በልዎም። ገለ ውሑዳት ግና ክንደይ ዓበይትን ገበርቲ ተኣምራትን ከለዉ፤ እዚ ንእሽቶይ ይምረጽ ኢሎም ቅር በሎም። ንሶም ግና ብዙኃን ቅዱሳንን ዓበይትን ከምዘለዉ ይፍለጡ ደኣ እምበር፤ ዮሐንስ ግና ክምረጽ ኣምላኽ ባዕሉ ከም ዝተዛረቦም ነገርዎም። በዚ ምኽንያት ከኣ ኩሎም ኣባላት መሕበር ደበረ ቢዘን ነቲ ትእዛዝ አቡነ ፍሊጶስ ሓቢሮም ብሓሳስ ተቀበልዎም።

ብድኅሪኡ ከኣ ኣዝዮም ኣሪጎም ነበሩ እሞ ሕማም ተሰምዖም። መዓልቶም ምስ ኣኸለ እግዚኣብሔር ምስ ኣእላፍ ቅዱሳኑ ተገሊጹ ናብ’ቲ ዕረፍቶም ክመጹ ኣዘራረቦም። ንሶም ድማ ናይ መወዳእታ ቃል ኪዳን ክህቦም ለመንዎ። እግዚአብሔር ኣምላኽ ድማ ሃቦም። ቀጺሎም ኣብ ልዕሊ ርእሲ ወዶም ዮሐንስ ኢዶም ኣንቢሮም ባረኽዎ። ብድኅሪኡ ኣዒንቶም ናብ ሰማያት እናጠመቱ፤ ብፁዕ አቡነ ፊልጶስ ፮ ነሓሰ ብሓሳበ ቢዘን ኣብ ፲፭፻፸፭ ዓ.ም. (ብግእዛዊ ባሕረ ሓሳብ ድማ ኣብ ፲፬፻፫) ኣብ 84 ዓመት ዕድሜኦም ዓሪፎም። ነፍሶም ድማ ባዕሉ መድኃኔዓለም ብኢዱ ተቐበላ። ብቅዱስ ገብርኤል ዝምርኑ ማኅሌታውያ ቅዱሳን መላእኽቲ ድማ ብምስጋና ኣዕረግዋ። ሥጋኦም ከኣ ኣብ’ቲ ሎሚ ብስሞም ዝጽዋዕ ቤተ ክርስቲያን ተቐብረ። ካብቶም ቀዳማይ መሥራትን ኣበ ምኔትን አቡነ ፊልጶስ ኣትሒዞም ክሳዕ ሎሚ ከኣ 49 ኣበምኔታት ነዛ ቅድስት ገዳም ኣመሓዲሮማ ኣለዉ። ጸሎትን በረኽትን ናይ አቡነ ፊልጶስን ናይ ኩሎም ቅዱሳን አበው ዘደብረ ቢዘን ምስ ኩላትና ይኹን።
ስብሐት ለእግዚአብሔር ልዑል፤ ወለወላዲቱ ድንግል፤ ወለመስቀሉ ክቡር።

ፍሊጶስ ተስእ ተለዓል ብግርማ
ብተስፋይ ረዘነ

ፍሊጶስ ተስእ፣ ተለዓል ብግርማ
ዳዊት መጺኡካ ኣሎ ሕግኻ ኽስዕራ
ቃል ኪዳንካ ግሂሱ፣ ገዳምካ ኽደፍራ
ስቅ ኢልካ ኣይትርአ ተለዓል ብግርማ

ናይ ጥፍኣት መኽዘን፣ ቕትለት ዝልማዱ
ባሕርይኡ ዘይፍለጥ፣ ዘይውዳእ ጉዱ
ኣትዩ ንግስነትካ፣ ከርክሶ በዓዱ
ስቅ ኢሉ ዝርኢ ሓዱርካ እንታይ ጉዱ?

ሓዱርካ……..
ወይ ዝረአ ቐይሮ፣ ዘንድ ዝባላዕ
መዕበል ከይኣቱ ብማዕዶ ዝጻፍዕ
ወይ ተስእ ተለዓል፣ በዓብይ ግርማ
ኩነና ሓላዊ፣ መራሒ ብዕላማ

እንተዘይ ኮይኑ ግን…..
ብብርሃን ዝኣተወ ብርሃን ዘይረኣየ
ጭራሽ ዘይዓለትኩም በረኻ ዘዓበየ
ሙሴ ምስ ጠፍአ ምስ ሰኣና በትሪ
ኣርዮዎም ውሉድካ ብለይቲ ብቐትሪ